# ክፉእ እናረአኹም ኣይትጨክኑ
# ከም ኣቦታትና ሕያዎት ኩኑ

ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ
26/09/2011 Norway

ሃገር ባዶ ኮይና ህዝብኹም ኣቃልቡ
ሓዲጎማ ከይዶም ግዜዊ ሰላም ተረኺቡ
ዘለዎ ኸኣ ብወግዒ ብጀነራል ተዓጇቡ
ገንዘቡ ጫሕ ኣቢሉ ንበሊያም ዘይጸግቡ
ኣሕዋት ኣማዕዲኹም ኣይትታዓዘቡ
ማዕጸኹም ክፈቱዎ ብቓልዕ ተዛረቡ
ዘመነ ህግደፍ ጽሓይ ኣብ ምዕራቡ
ህዝብና ከይጸንት ብቶሎ ኣፈርክቡ
ኣብ NY.ሪኢና ብሓሶት ዝውድሱ
ዘይዕረዩ ምዕባለ ሃገራት ዘይወርሱሱ
ቅድሚት ሰሪያም ንፂትለራት ዘሐጉሱ
ዘይተሰደ ይምዕብል ካብዞም ዝጠፈሹ
ዕቡድ ከልቢ ለኪሙና ከይጠፍእ
ሓዊ ከይኣጉድ  ዘይተደልየ ውግእ
ዓሻ ህግደፋዊ ዳግማይ ከይተጣቕዕ
የዘንግዓካሎ ህዝብኻ ከም ትርስዕ
ጨርቀመርቂ ከዲኑኳ ንኽትስዕስዕ
ኣድሕና ሃገርካ ድሓር ከይትነብዕ
ጆሚሩሎ ሓዊ ክኣጉድ ነገር ክውልዕ
ብህዝቢ ክጻወት ተሓቢኡ ኣብ ባጽዕ
ምውዳእ ኣቢናዮ ዝተረፍና ከጥፍእ
ኣጭበርቢሩ ዝነብር ተልመደን ወዲኒ
ስራሕ ዘይብሉ ብዘይካ ሃቡ ኣጥሙኒ
ጌጋኡ ዘይእርም ብዘይካንዓይ ስምዑኒ
ከምዚ እናለ ነዚ ክትድግፉ ተሕዙኑኒ
ቶም ሰበ ስልጣንስኳ ተጠቢሮም ብባኒ
ናይቶም ኣብ ስደት ዘለኹምዩ ገሪሙኒ
ምዕቡል ሃገር ኮንኩም ንዓይ ይጥዓመኒ
በሉ ህግደፍሲ ይሳሓልላሎ ከምዘይቅኒ
ተሓቢኡ ይብል ኣሎ በጃኹም ርድኡኒ
ንሕሰብ ብሓሶት ዝሰብዚ ኣይንታለል
ስራሕ የብሉን ብዘይካ ዘረባ ምኹሓል
ንሓቂ ኳዕጺጹ ብኣሉ ቀጣንዩ ዝምሕል
ዕዋላ ናይ ቀጠፍጠፍ ስርዓተ ፋሉል
ተንኮለኛ ከም ሰቡ ተገሪሁ ዘየዕልል
ብእሳተ ጎመራ እናተሸልቁ ሓቢኡ
ስለ ዘየድልዎ ብኹፉእ ክጠፍኡ
ብመቕዘፍቲ ብኽፉእ እናተገፍዑ
ተሕዝኑ ንኣረሚናውያን ተጣቕዑ
ዓበይቲ ይኸፍኡ ካብቶም ኮራኹሩ
ዝሓለፈ ዘመን መቕረቱ ዘይዝከሩ
ደቂ ሰብዓ ምስ ሕጻናት ካብ ዝጭፍሩ
የላግጸሎም ኣሎ ሓዮት ተካል ግብሩ
ሓሞት ዓድጉ ሰብኡት ኩኑ ተበራበሩ

ቀሪቡዩ ሰናይ ዘመነ ራህዋ ተዳለዉ
ይኣክል ቆላሕታ ግበሩ ኣይትዓሸዉ
ሕሰብሉ ታሪኽኩም ኣይተባላሸዉ
ጠንጥንዎም ንህግደፍ ሃገርና ዘዕነዉ
እንዳ ጠንቋሎ ዝውዕል ስርዓተ ግኒ
ሰንከልክ ይብላሎ ክንደየናይ ከይቕኒ
ቆፎ ባዶ ኮይና ትብላላ ርድኢ ርድኣኒ
ብዘይካኹም ዓሻ የለን ኣይተ ፈሸሉኒ
ሓደራ ከይትጎርሑ ከይትጋደፉኒ
እናበለዩ ዘታልል ምንኣስ ሞሶሊኒ
ስለዚ ህዝቢ እናተገፍዐ ኣይን ጨክን
ንሩኡይ ነገር ክንሸፋፍኖ ኣይንፈትን
ቲቪ ኤረ ዘለቶ ሰሚዕና ኣይንዓውን
ብሓሰውቲ ዎረኛታት ኣይንዳናገርን
መታን መፍቶ ጸላእትና ከይንኸውን
ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘመን ሓዲኡሎ